# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.171 | ሰንበት 17 መጋቢት 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ስወእ ሜጀር ጀነራል ሐመድ



ገጽ 3
ስወእ ሜጀር ጀነራል ሐመድ መሓመድ ካሪካረ ብቓላት መቓልስቱ

ገጽ 4
ካብ ሕልሚታትካ ኣይትትረፍ



ገጽ 5
ምልክታ

ገጽ 7
ወዲ ሱዳን - ኤርትራዊ ሽሮን



## ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ገምጋም ቀዳማይ ፍርቂ ዓመት ኣካይዱ

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ብ15 መጋቢት ገምጋም ቀዳማይ ፍርቂ ዓመት 20232024 ኣካዩዱ።

ሓላፊ'ቲ ጨንፈር መምህር በሉይ ሃብተጋብር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ገምጋም ሓያል ጎኒ ዝዕቀበሉን ድኻመታት ዝእረመሉን ኣገዳሲ መስርሕ ስለዝኾነ፡ ተሳተፍቲ - ሓያልን ድኹምን ጎንታት ብምልላይ ንመጻኢ ዝሕግዝ ሓሳባት ከቕርቡ ትጽቢት ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ሓለፍቲ ጨናፍር ንኡስ ዞባታት ኣብ ዘቕረብዎ ጸብጻባት፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ግቡእ እዋን ትምህርቲ ከምዝጀመራ ብምጥቃስ፡ ምስ ሓለፍቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝቐጸለ ርክባትን ገምጋማትን፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ጽቡቕ ወጽኢት ደርኺቡ ከምዝሎ ገሊጾም።





ንኣተዓም ኣሰዒቦም፡ ጸገማት ኣብያተ-ትምህርትን ሕጽረት መሳለጥያን ፍታሕ ክናደየሉ፣ ከምኡ'ውን ንስፐርቫይዘራትን ሓለፍቲ ኣብያተ-ትምህርትን ስልጠናታት ክወሃብ ዝበልዎ ከምዝሎ ኣረዲኦም። ዝበልን ካልእን ርኢቶታት ኣቕሪቦም።

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ገብረሂወት ወልደገርጊስ ብወገኑ፡ ዝቐረበ ጸብጻባት ንቕጽሊ ንዝቐጽል ስራሓት ሓለፍቲ ዘሎም ምኽንያት ጠቒሱ፡ ትምህርቲ ልዕሊ ኩሉ ስለዝኾነ ንሚኒስትሪ ትምህርቲ ጥራሕ ዝገድፍ ስለዘይኮነ ኩሎም ኣካላት ኣበርክቶኦም ክዕዝዙ ተላቢዩ።

ኣብ ዞባ ማእከል፡ 148 ናይ ቅድመ-ትምህርቲ፡ 103 ናይ መባእታ፡ 51 ናይ ማእከላይ፡ 22 ድማ ናይ ካልኣይ ደረጃ - ብጠቕላላ 324 ኣብያተ-ትምህርቲ ክህልዋ ከለዋ፡ 47.5 ሚእታዊት ኣብ ከተማ፡ 52.5 ሚእታዊት ከኣ ኣብ ገጠር ከምዝሎዋ ይፍለጥ።

## ሰ/ቀ/ባሕሪ - መንእሰያት ብዝተፈላለየ ሞያታት ሰልጢኖም

ብምውህሃድ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ሃብሰኤን ኣብ ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት ባጽዕ ንሰለስተ ኣዋርሕ ብሞያታት ጽገና ሓጺንን ዕንጸይትን ኤሌክትሪሲትን ዝሰልጠኑ 48 ሓደርቲ ሰልጠንቲ መንእሰያት፡ ብ15 መጋቢት ተመሪቖም።

ኣቦ'ቲ ኢጋጥሞ፡ ምኽትል ዳይረክተር ናይ'ቲ ማእከል ኢንጅነር ኣኽሊሉ ኣስመሮም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሃብሰኤ ብሓፈሻ ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት ባጽዕ ድማ ብፍላይ፡ ካብ ዝተፈላለየ ከርናዓት ሃገር ንዝመጹ ሓደርቲ ሰልጠንቲ ብውሑድ ቀጽሪ ሞያ ናይ ምዕጣቕ ስልጠናታት ከካይድ ምጅንሑ፣ ክንድ`ዚ ቀጽሪ ዘለዎም ሓደርቲ ከስልጥን ግና ሕጂ ንፈለማ ምኻኑ ብምሕባር፡ ብኣካላት መንግስትን ግዝኣትን መሻርኽቲ ትካላትን ንዝተገበረ ደገፍ መጒሱ።

ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ኣማኑ ኪዳነ ብወገኑ፡ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ስልጠና ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ሞያ ብውልቃዊ ጻዕሪ ከማዕብልዎን ከዕምቕዎን ተላቢዩ።

ወከል ሰልጠንቲ ድማ፡ ነቲ ዕድል ዝሃቡዎ ኣካላትን ንተገዳስነት መምህራን ናይ'ቲ ማእከልን ድሕሪ ምምስጋን፡ ብዝቐሰምዎ ክእሉ-ሓሳባውን ግብራውን ሞያ፡ ኣብ ልምዓታዊ መደባት እጃሞም ከበርክቱ ምዃኖም ኣረጋጊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንተመረቕቲ ወረቓቕቲ ምስክር፣ ጸብለልታ ዘርኣዩ ድማ መተባብዒ ሽልማት ክዕደል ከሎ፡ ብሰልጠንቲ ዝፈረያ ወጽኢት ሓጺንን ዕንጸይትን ኤሌክትሪሲቲን ንምርኢት ቀሪቡ።

## ኣባላት ሆስፒታል ተሰነይ፡ ወለንታዊ ልግሲ ደም ኣካዪዶም

ኣባላት ሆስፒታል ተሰነይ፡ "ብዘተኣኽእ ደም ዘይትተካእ ሂወት ነድሕን" ብምባል፡ ወለንታዊ ልግሲ ደም ኣካዪዶም።

ኣቦ'ቲ ኢጋጥሞ፡ እቶም ኣባላት 45 ከረጺት ደም ከምዝለገሱ፡ ወከል ኢሬና ሓቢሩ።

ኣቦመንበር ማሕበር ለገስቲ ደም ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ሳሙኤል ወልደማርያም ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ትካላት ጥዕና ዝርአ ልዑል ጠለብ ደም ንምምላእ ኣብ መፋርቕ 2023 ብደረጃ ንኡስ ዞባ ማሕበር ምቛም ኣድላዪ ከምዝነበረ ብምጥቃስ፡ ኣብ'ዚ ሰናይ ተግባር ዝሳተፉ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ካልኦት ኣካላትን ከምዝለዉ ገሊጹ።



ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ኣቐዲሙ ብትካላት ጥዕና ዝቐረበ ጠለብ ደም፡ ካብ ሃገራዊ ባንክ ደም ክማላእ ከምዝጸንሐ'ዩ ዝሕበር።

ለገስቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ብዘተኣኽእ ደም ሂወት ምድሓን ሕልናዊ ዕግበት ከምዘፈጥረሎም ብምሕባር፡ ኣብ መጻኢ ብዘተወደበ መልክዕ ከምዝቕጽልዎ ኣረጋጊጾም።

## ኣብ ከረንን ዓረዛን ሰፊሕ ልምዓታዊ ስራሓት ይሰላሰል ኣሎ

ኣብ ከተማ ከረንን ንኡስ ዞባ ዓረዛ፡ ኣብ ምጽጋን ጽርግያታት ከምኡ'ውን ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ዝቐንዐ ወፈራዊ ስራሓት ይሰላሰል ኣሎ።

ነበርቲ ከተማ ከረን፡ ሓመድን ማይን ብምዕቃብ ኣከባቢ ንምርጓእ ሰፊሕ ማእቶት የካይዱ ከምዘለዉ፡ ኣካያዲት ስራሕ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ከረን ወ/ሮ ለተንጉስ ኣብርሃ ገሊጾ።

እቲ ምስራሕ ቅናታውን ጋቢላውን ዛላታትን ከትርታትን ዘጠቓልል መደብ፡ ግቡእ ቀጻሊ ምክትታልን እናተገበረሉ ብጽቡቕ ይቕጽል ከምዘሎ ተፈሊጡ።

ካብ 16 ጥሪ ዝጀመረ ወፈራዊ ልምዓት፡ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ይትግበር ከምዘሎን፡ ኣብ ምድልዳል መሬት ሕርሻን ምፍዋስ ማይ ኩያታትን ወጽኢታዊ ስራሕ ይዕመም ምህላውን ተሓቢሩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ እውን፡ ካብ ወርሒ ጥሪ ኣትሒዙ ብዘቐጸለ ዘሎ ጸገና ጽርግያ ዓረዛ - ማይደማ ዛጊት ልዕሊ 24 ኪሎ-ሜተር ምሉእ ብምሉእ ብምጽጋኑ፡ ኣብ ምንቅስቓስ ተሸከርከርትን ማሕበራቁጠባዊ ህይወት ነበርትን ለውጢ ከምዘምጽአ ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ርእሶም ክፍለማርያም ገሊጹ።

ጐድኒ-ጐድኒ'ዚ፡ ኣብ ምዕቃብን ምርጋእን ኣከባቢ ኣገዳሲ ኣስተዋጽኦ ዝገብር ስራሓት ዛላታትን ከትርታትን እውን ብዕዙዝ ተሳትፎ ነበርቲ ይካየድ ከምዘሎ ኣረዲኡ።







# ስውእ ሜጀር ጀነራል ሑመድ መሓመድ ካሪካረ

1951-2024





## ክንደይ ትናፍቐና!

እሓትት ኣለኹ ባሕሪ፡
ዘከርካዮዶ? ኣነ`የ ባሕሪ፡፡
ዓርኪ ማዛናኻ ናይ ትማሊ.
ኣንታ ታሪኹ ታሪኽ ሰሪሑ!

እቲኳ ከይጸምወኪ
ከዋኽብቲ ዞላኝኺ
ዘይንበር ብርሃን ዝሃብኪ
ዓለም ብኸፉላ ዘርኣኻኺ!

ኣነውን ከማኻ`የ ነይረ
ብሕጊ ስርዓት ተፈጠረ
እዝጸፍ እኣቅጽ ተሓብረ

ኣርሒቑ ተገሺኩ
መእሰሞ ጠፊአ ብኡ ብኑብኡ
ናተይሲ ንዕረፍቲ`ዩ ዝድቕሶሉ
ትንፋስ ሂቡ ዳግም ዝምለሰሉ
ንጣዙብ ደምካ ምስክር`ዩ ባዕሉ
ኣሰረይ ነይሩካ ኣሰር ኩሉ፡፡

እንተ ኣነ ግን!

ዛ ዓይንኻ ክርእዩ
ካብዩ ዘይተሓኽዙበኩ
እምለስ ቦታይ ሰለ ዝናፈቕኩ፡፡

ንሰኻ ኸ፡ ከምዚ ከማይ
ትምለስ ዶ ትኸውን ዳግማይ
ስዉርካ ናይ ተፈጥሮ ጉዳይ
ክትኑበር ምሳይ!

ታሪኽካ ከይሕሰዐ
ገድሽካ ሰማይ
ብሓቂ ነበዐ
ጥዒመ ዕረ!

ከምዚ ደዩ ምፍልላይ
ምንባር ጉዲፍካ ምስ ማይ
ኣለኹ እናበልካስ፡ ዕዝር ንሶማይ፡፡

**ሰናይ ሰለሞን (ወዲ-መምህር)**
14/03/2024
**የተብሪ - ሽወደን**

## ኣብ ባሕሪ ቅበርዎ

ባሕሪ ዓራፉ ኣይትበሉ
ኣይዓረፈን ባሕሪ
እንሆ`ንዶ ማዕበሉ
ሰቕ ኣሉ ይዛሪ
ሰቕ ጥራይ በሉ
ኒኾኺኸታ ኣቋርጹ
እንሆ`ንዶ ወዲ ባሕሪ
ይጋዋሕ ደምጹ
ኣብ ልቢ ኣሽሓት`ዩ
መንፈሱ ዝተወቕረ
ኣይዓረፈን ባሕሪ
ኣሎ ካሪካረ
እንታይ`ድኣ
ዓራፉ ትብሉ
ምሳና እንከሎ
ወግዒ ዕላሉ
ወፈሩ`ሎ ምስ ማዕበሉ
ከምለስ
ሰሚን`ዩ ሰገለሉቱ
ድሮ`ኳ ተመሊሱ
ንግሆ ወፈሩ ምሸት ዝኣቱ
ከምኡ`ዩ ፍሉጥዎ
ናይ ነገር ባህሪ
ኣይትቕበርዎ ኣብ ሓመድ
ከይከሰኩም ባሕሪ
ባሕሪ`ዩ ባዕሉ
ተጻዋዒ ኣውራ
ጽላል ዓቢ ዳዕሮ`ዩ
ናይ ገማግም ሾራ
እንታይ ዳኣ
ዓራፉ ትብሉ ባሕሪ
ከይዓረፈ ባሕሪ
ሊጋስ ፍሽኽታ እንደዩ
ኣላዪ ጠዋሪ
ኣይመውት`ንዩ ባሕሪ
ይዛረብ ኣሎ ንፋሱ
ዋላ ንደቃይቕ
ኣይፈልጥን`ዩ ደቂሱ
ምናልባት ግን ደኺሙ እንተደቀሰ
ክትንስእ`ዩ ረኣይዎ
ሰማኣታት ባሕሪ `ዩ
ኣብ ባሕሪ ቅበርዎ፡፡

**ምሕረና ተኽለይ (ዋርሳይ)**
13/03/24 - **ኣስመራ**


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284




# ስዉእ ሜጀር ጀነራል ሑመድ መሓመድ ካሪካሪ ብቓላት መቓልስቱ

ሃብተሚካኤል ዑቕባስላሴ
ስእሊ. ኣብርሃም በየነ



*ተጋዳላይን ሓርበኛን ስዉእ ሜጀር ጀነራል ሑመድ መሓመድ ካሪካሪ፡ ሕክምናዊ ክትትል ክግበረሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብረቡዕ 13 መጋቢት 2024፡ ኣብ መበል 73 ዓመት ዕድሚኡ ብሞት ተፈልዩና። ስዉእ ሜጀር ጀነራል ሑመድ መሓመድ ካሪካሪ፡ ብኹሎም መቓልስቱ ኣዝዩ ፍቱው ሰብ እዩ ነይሩ። ብዛዕባ'ዚ ስዉእ ሓርበኛ፡ መቓልስቱ ዝሃቡዎ ቃለ-ምስክርነት እነሆ፦*

**ሚኒስተር ሃብቲ ባሕሪ - ኣቶ ተወልደ ቀሳቲ**

ምስ ካሪካሪ ካብ 1977 ኣትሒዝና ኢና ንፋለጥ። ንሱ ኣብ ኤምዳድ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ኣነ ድማ ኣብ መዓዓዝያ



ነይረ። ሌላና ዝጀመረ ከኣ ኣብ ጕምሩክ ባሕሪ ካብ ጀላቡና ዝርከብ ዝነበረ ኣጸዋርር ኣብ ምምጻእ እዩ ነይሩ። ብድሕሪኡ ኣብ 1979፡ ኣነ ናብ ባሕርያ ምስ ተቐየረ ምስ መጻእኩ ካሪካሪ ድማ ኣብኡ ባሕርያ ጸኒሑ። ን16 ዓመታት ከኣ ከይተፈላለና ብሓደ ሰሪሕና። ኣብ'ቲ እኳደዶ ዝነበርና ሓብራዊ ንጥፈታት ከኣ ካሪካሪ ከም ሓላፊ ኣነ ከኣ ከም ኮምሽነር'የ ነይረ። ኣደን ጓንትን ኳንና ከኣ ንኸሉ ዘወጽኦ ዝነበረ ዕማም ውድብ ብጽፈት ካይድ ነይሩ። ባሕርያ ክቕውም ከሎ ሓደ ካብቶም ነቲ ባሕሪ ዝፈልጡ ዝነበሩ ካሪካሪ እዩ። ኣነን ብጾተይን መንእሰያት ኳይና ምስ መጻእና ከኣ እዮም ዓበይቲ ብጹቡቕ ተቐቢሎምና። ኣብ'ዚ ቀንዲ ዘወሃህድ ዝነበረ ካሪካሪ እዩ። ምኽንያቱ ናይ ሜዳን ናይ ባሕሪን ኣፍልጦኡ ልዑል ስለ ዝነበረ። ቋንቋ ናይ ባሕሪ ኩሉ ግዜ ፈታር ስለ ዝኾነ ከኣ በዓል ካሪካሪ ፈቃራት ኳይናም ሓቂፎሙና። ስለዚ ንሱን ብጾቱን ብዘፈጠሩልና ባይታን ምትሕብባርን ነቲ ሞያ እናመለኸናዮ ስለ ዝመጻእና ኣብ ብዙሕ ክንዋሳእ ክኢልና። እቲ ኣብ ቦኻ ምኽኣል ዝብል ናይ ህዝባዊ ግንባር ጭርሖ እውን ኣብኡ ኢና ብግብሪ ተርጒምናዮ። ስለዚ ካሪካሪ ንዓይን ንብጾተይን መምህርና እዩ። ኣብ ኩናት እንተደኣ መጺና ከኣ ኩናት ህዝቢ ሒዝኻ እዩ ዝካየድ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ህዝቢ ማለት ከኣ ካሪካሪ ማለት እዩ። ስለዚ ተራን ተወፋይነትን ጅግንነት ብጻይን መምህርን ካሪካሪ ሕጂ ብሓንሳብ ክገልጾ ኣይክእልን እዩ። ሕጂ ከኣ ሓርበኛን ተባዕ ተቓላሳይን ብጻይ ካሪካሪ ንዘዘብከሉ ዕላማ ብልዑል ተወፋይነትን ጽንዓትን ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ ኣብጺሒ ሓሊፉ ኣሎ። የግዳ መሰረትን ምንጻፍን ሓይሊ ባሕሪ ኮይኑ ንሱ ዘፍረዮን ዘንጸፎን ፍርያት ንወለዶታት ክቕጽል እዩ።

**ኣዛዚ ሓይሊ ኣየር - ሜ/ጀነራል ተኽለይ ሃብተስላሴ**

ምስ ካሪካሪ ብዘይካ'ቲ ጉዳም ሓላፊናን ጉዳም መምህርናን ምዃኑ፡ ዳርጋ ምሉእ ናይ ገድሊ ዕድሜና



ኢና ንፋለጥ። ኣብ'ቲ ዝተሰለፍናሉ ካብ መጀመርያ ሰብዓታት፡ ክሳብ መወዳእታ ሰብዓታት፡ እቲ ርክብና ናይ ማዕዶ ማዕዶ'ኳ እንተ ነበረ ብታሪኽ ኩነ በቲ መራሕትና ዝበልዎ ዝነበሩ ብዛዕባ ብጻይ ካሪካሪ ጽቡቕ ፍልጠት ነይሩኒ እዩ። ካብ ሰማንያታት ንደሓር'ውን ንራኸበሉ ዕድላት ዚያዳ ስለ ዝተፈጥረ፡ ብቐረባ ክንፋለጥ ክኢልና ኢና። ድሕሪ ናጽነት ድማ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ መራሕነት ጸፍሒ ክንራኸበሉ ንኽእል ዕድል ብምንባሩ፡ ኣዘውቲርና ክንራኸብ ክኢልና ኢና። ስለዚ፡ ክሳብ ግዜ መስዋእቱ ዳርጋ ብሓደ ንሰርሓሉ ግዜ ስለ ዝሓለፍና፡ ምስ ሓርበኛን ተባዕን ተቓላሳይ ብጻይ ካሪካሪ፡ ዓሚቝ ሌላ ክፀምስርት ዕድል ረኺበ እየ። ካሪካሪ፡ ኣበርክቶኡ ኣብ ሃገራዊ ዕማም፡ ንሳታፍነቱ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ቃልሲ ኩነታት፡ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ጀጋኑ መራሕትናን ሓደ ካብቶም ቀንዲ መስረቲት ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ እዩ። ብዘወሰኸ፡ ካሪካሪ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ምስ ኩሉ ጸገማቱ፡ ኣብ መዓዓዝያ ባሕርን ኣብ ወተሃደራዊ ስርሒታትን ሓያል ኮይኑ ክወጽእ ዝገበረን ብዙሓት ከምኡ ጀጋኑ ዘፍረየን እዩ። ኣብ ኩሉ ሸነኻት ከም ጅግና ተበሊዑ ዝሰርሐ፡ ኣብ ባሕሪ ምስ ማዕበል ኢናተረጸመ ዝተቓለሰ፡ ዓበይትን ዘሎሞን ማዕበላት እናሰንጠቐ ህዝባዊ ሓይሊታት ድሒሩ'ውን ህዝባዊ ግንባር ኣብ ባሕሪ ደልዲሉ ክሰርሕ ዘበቕዐ ሓርበኛ እዩ። ሕጂ ከኣ ጅግና ካብና ተፈልዩ ኣሎ። ጽንዓቱን ጅግንነቱን ግና ኣብ ልብና እዩ።

**ሱልጣን ራሓይታ - ዓብደልቓድር ዳውድ**

ፈለማ ንስዉእ መንግስተ ሰማይ የዋርሶ። ካብ ንፋለጥ ንላለን ነዊሕ ግዜ እዩ ኮይኑ። ብሓባር ኣብ ብዙሕ ጉዳያትን ዕማማትን ሰሪሕና ኢና። ካሪካሪ ቀዳማይ ኹሉን ልዕሊ ኹሉን ሃገር እዩ ዝብል ኔሩ። እዚ ልዕልና ሓሳብ ዝሰረቱ ጅግንነትን ተወፋይነትን ከኣ ሓበንን ፍቕርን ፈጢሩሉ። ንእሽተይን ዓብን ከይበለ ንኹሉ የፍቅርን ኮታ ምሉእ ዓቕሙ ንህዝብን ሃገርን ዝወፈየ ጅግና እዩ ነይሩ። ካሪካሪ ኣብ ወሽጢ ህዝቢ ዝኣበር ዘይፈላልን ንኹሉ ብማዕረ ዝርእን ንጸገም ዝሕግዝን ዘተዓብዕን ሰብ እዩ ነይሩ። ከም'ቲ ንህዝቡ ዝፈትዎ ህዝቢ ከኣ ይፈትዎ ነይሩ። ንመንእሰያት፡ እቲ ኣቦታዊ



ሓሊፉ ኣሎ፡ ስለዚ ኣሰሩ ጅግንነቱ ተኸቲልና።

**ኣካያዲ ስራሕ ኩባንያ ህንጻ ሰገን - ኣቶ ተስፉይ ጉይትኦም**

ምስ ብጻይ ካሪካሪ ኣብ 1980 ኣብጢ ኢና ኣብ ፖርትሱዳን ተራኺብና። ሽዑ ናይ ማእከላይ ሽማግለ ወኪል



ስለ ዝነበረ ሓላፊና እዩ ነይሩ። ስለዚ ካብኡ ጀሚሩ እዩ ጥቡቕ ዝምድና ክንምስርት ክኢልና። ብፍላይ ካብ 1986 ምስ ከም ስድራቤት ኢና ከይድና። ክሳብ ግዜ መስዋእቱ ከኣ ከም ኣሞን ወዲን ቀጺልና። ንሱ ኣባይ ዝበሮ እምነት፡ ኣነ'ውን ኣብኡ ዝበረኒ እምነት ልዑል ነይሩ። ስለዚ ካሪካሪ ለዋህ፡ ሓያል፡ ዓቃል፡ ራኢ ዝበሮ፡ ኮታ ኩሉ ብምንባሩ ብሓጺር ክገልጾ የጸግመኒ እዩ። ሰብ ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃ ደብጽሑ'ሞ

ወጽኢት ናይ መን እዩም እንተ ደኣ ኢልካ ናይ ሓለፍቶም እዩ። ካሪካሪ ከኣ ቦታ ዝሀቦ ዕድል ዝሀቦ ሓላፊ እዩ ነይሩ። ሓይሊ ባሕሪ ኣብ'ዚ ደረጃ እዚ ዝበጽሐ ከኣ ብወጽኢት ካሪካሪ እዩ። ከምኡ'ውን ንዝኣመነሉ ነገር ኣብ ምውሳን ድሕር ዘይብል፡ ምስ ዝጸበየት ናእሽቶቱን ጥቡቕ ዝምድና ዝነበሮ ብጻይ እዩ። ንሕና ኣብ ጉዕዞ ባሕሪ ብኻርታ ኢና ንጓዓዝ ነይርና፡ ንሱ ግን ነቲ ኩሉ ጉዕዞ ብሓንጎሉ እዩ ዝሕብረና ነይሩ። ስለዚ ካሪካሪ ኣብ ባሕሪ ዘይርሳዕ ጅግናን መምህርን እዩ።

**ኣዛዚ መካናይዝድ - ብ/ጀነራል ተከኤ ርእሶም**

ንካሪካሪ ብቐረባ ኣብ ሰማንያታት'የ ዝፈልጦ። ከም ታሪኽ ክንሰምዖ ከለና፡ ኣዝዩ ሕውሱ ምቑሉል፡ ክሕግዘን ክረዳዳእን ዝኽእል ብጻይ ምንባሩ ኢና ንዝከሮ። ካብ 1983 ብኣካል ምስ ተራኺብና ከኣ ብርግጽ ከም'ቲ ብዛዕባኡ ንሰምዖ ዝነበርና ኰይኑ ረኺብዮ። ብኣካል ኮፍ ኢልና ከዕልልን ክንዘራረብን ብምኽኣልና ከኣ ዚያዳ ክንፋለጥን ብወገይ ካብኡ ተሞክሮን ፍልጠትን ክቐስምን ሓጊዙኒ እዩ። ስለዚ ካሪካሪ ተባዕ፡ ወሳኒ፡ ቅኑዕ ለዋህ፡ መምህር፡ ልዑል ናይ ምትሕግጋዝ መንፈስ ዝነበሮ፡ ናይ ስራሕ ናጽነት ዝሁብ፡ ብጻይን ጽኑዕ ተቓላሳይን እዩ ዝነበረ። ኣብ መንጎ ሓይሊ ባሕርን መካናይዝድን ጥቡቕ ዝምድና እዩ ዘሎ። ምስ ካሪካሪ ድማ ድሕሪ ናጽነት፡ ካብ 1995 ክሳብ 2002 ንኣስታት ሸውዓተ ሸመንተ ዓመታት ብሓደ ስለ ዝሰራሕና፡ ካብኡ ብዙሕ ክመሃር ዕድል ረኺበ እየ። እቲ ቀዳማይ ናጽነት ዝጀመረ ሌላና ከኣ ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ ኣብ



ዝተፈላለየ ኢጋጣሚታት እናተራኸብና ብጽቡቕ ክቕጽል ክኢሉ እዩ። ሕጂ ግና፡ እዚ ጉዳምን ሓርበኛን ተጋዳላይ ብመስዋእቲ ተፈልዩና ኣሎ። መስዋእቲ

ግን፡ ጸባሕ ንዓሀ ንኽልና ዝመጽእና ዘይተርፍ ሕጊ ተፈጥሮ ስለ ዝኾነ እቲ ንዘለኣለም ተዘኪሩ ዝተርፍ፡ ታሪኽን ግድን'ዩ'ትን ብምዃኑ፡ ብጻይ ካሪካሪ ወናኒ ናይ'ዚ ብሉጽ ታሪኽ ኮይኑ ቀዲሙና ሓሊፉ ኣሎ እሞ፡ እናተዘከረ ክነብር እዩ።

**ሓለቓ ስታፍ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ - ኮሎኔል መልኣከ ተኽለማርያም**

ከም ብጻይ ሑመድ ዝኣመሰሉ ጉዳይም ሓርበኛታት ክፍለዩኻ ከለዉ ከቢድ እዩ። ዓቢ ጽላል'ዩ ፈሪሱ ዘሎ። ከም ሰብ ካሪካሪ፡



ፈታዊ ህዝቡ፡ ለዋህ፡ ልዑል ባህሪ ናጽነት ዝነበሮ፡ ንኹሎም ብጾቱ - ሳዕሊምትን ታሕተዎትን ጸግ ኢሉ ዝሰምዑ ቦቐባቐ፡ ካብ ንዓይ ንብጻየይ በሃሊ፡ ኣብ ውሳነ ድሕር ዘይብል፡ ቅኑዕን ተባዕን ልዕሊ ኩሉ ከኣ ምቕሉል ሓርበኛ ብጻይ እዩ ነይሩ። ቀዳማይ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ኣብሉ ይኸውን ኣብ ስራሕ ተራኺብና። ንሱ ከም ኣዛዚ ኣነ ድማ ከም ሓለቓ ስታፍ ኮይና ጽቡቕ ስራሕ ጀሚርና። ኣቐዲሞ ዝጸንሐ ድሕረ ባይታና ምውቕ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ኣብ ባሕርያ ናይ ብሓቂ ጽቡቕ ስራሕ ሰሪሕና፡ እዚ ከኣ ብሶላ ህላወ ናይ ካሪካሪ እዩ።

ሓይሊ ባሕሪ ጽላሉ ጠፊእዋ ኣሎ። ግን ከኣ ኣፍሪዩ እዩ። ብዙሓት መንእሰያት ኣብ ሓይሊ ባሕሪ ኣብ ግዜ ካሪካሪ እዮም ፈርዮም። ካሪካሪ ኣብ ባሕሪ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ካልእ ዘይሰርሖ ስራሕ የለን።

ካሪካሪ ናይ ባሕሪ ንጉስ እዩ። ኣብ ተሰዓታት፡ ካሪካሪ "እዚ ባሕሪ እዚ ባሕርና እዩ ኣብ'ዚ ባሕሪ እዚ ተንከስ ኢሉ ዝቐርብ ሰብ ከኣ ድሉዋት ኣለና" ዝብል ሰብ እኮ እዩ። ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ሓምሽተ ዓመታት ካሪካሪ "ሰማእታት ከይትርስዑ" ጥራይ እዩ ዝብል ነይሩ። "ሓደራኹም ንኽይድ ኢና ዘለና ግዜ ይሓጽር ኣሎ ኣይትሕመቑ" እዩ ዝብሎ ዝነበረ። ቃል ኪዳን ኣቲና ኢና - ንሱ ዝጀመሮ ስራሕ ኣብ መፈጸምታኡ ክነብጽሖ።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

ኣነ ኣመልካቲ፡ ወላዲተይ ወ/ሮ ኣለም ኣርኣያ ጸጋይ እቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ፡ ምም/ንኡ/ዞባ ኣኽሪያ ጎደና ዓዲ ሸሩም ፕሎት 138 ቁ/ፓርሰል ዞን ASP00022305 ፓርሰል 1፡ ቁ ገዛ 186 ኣብ ጠቕላላ ስፍሓት መሬት 79.86 ት/ሜ ስፍሓት ስሩሕ ገዛ 37.79 ት/ሜ ተደኲኑ ዝርከብ 2+ ቀንዲ ክፍልታትን 2+ ሓገዝቲ ክፍልታትን ዘለዎ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብስማ ብቑጽሪ መለለዪ ንብረት 1፡013391 ተመዝጊቡ ዘሎ ገዛኣ ብዕለት 20/2/2024 ብመዝ/ቁ 55/2024 ብውህብቶ ስለ ዝሃበትኒ፣ በዚ መሰረት ናብ ስመይ ክመሓላለፈ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ክፍሊ ቴክኒክ ዞባ ማእከልን የቕርብ፡፡ ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ከሉ ሰነዳተይ ኣቕሪበ ማስርሕ ስም ምትሕልላፍ ክፍጸም ምኳነይ ኣመልክት፡፡

ኢዮብ ዘካርያስ ኣርኣያ
ሕጋዊት ወኪል ወ/ሮ ማርያም ሓድሽ ተስፋይ

ኣነ ወ/ሮ ዑቕባ መብራህቱ ተስፋይ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ጐዳይፍ ዚፕ 714 ፕሎት Nopl ፓርሰል 54 መለለዩ ፓርሰል ASP00032093 መለለዩ ገዛ ASD00028196 ዝርከብ ኣብ ምም/ዞባ ማእከል ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ብቑጽሪ ውዕል 1,842 ብንብረት መዝገብ ቁጽሪ 1842/10 ብዕለት 30/7/2010 ብስም ኣቶ ኣንገሶም ጉብረማስቀል ተኽሉ ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ክፋሉ ስለ ዝዓደገኦ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስመይ ክመሓላለፈ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ፡፡

ዑቕባ መብራህቱ ተስፋይ

# VACANCY ANNOUNCEMENT

The Common Market for Eastern and Southern Africa (COMESA) invites qualified and experienced COMESA citizens for the following nine (9) positions

| S/N | Name of Vacant post | | Minimum Academic Qualifications | Professional Experience |
|---|---|---|---|---|
| 1 | Head of Statistics and Research | P4 | Master's Degree in any of the following:<br>Statistics, economics, data science, demography or any related field | A minimum of (10) years' experience in managing statistical programs in the national statistical system or in a regional or international organization. of which at least 5 years in undertaking any policy or analytical work in any area related to regional integration. |
| 2 | Senior Transport Economist | P4 | A Master's degree in any of the following fields:<br>Economics, Engineering, Transport Management or Business Administration | Ten (10) years' experiences in transport management at regional level, international level and or government at senior level. |
| 3 | Translator (French) | P3 | A minimum of bachelor's degree in French-English linguistics and or equivalent professional degree / qualification in French-English translation. | Minimum eight (8) years working experience in translation at international or regional level. |
| 4 | Translator (Arabic) | P3 | A minimum of bachelor's degree in Arabic - English linguistics and or equivalent professional degree qualification / in Arabic – English translation. | Minimum eight (8) years working experience in translation at international or regional level. |
| 5 | Transport Expert (Road) | P3 | Bachelor's degree in any of the following fields:<br>Civil Engineering, Economics, Transport Management or International Trade Law. | Minimum eight (8) years working experience in transport management at regional, international level and or government at senior level. |
| 6 | SPS/TBT expert | P3 | Bachelor's degree in any of the following fields:<br>Food Science/Technology, Agricultural Sciences, Veterinary Sciences, Plant Health/Crop Sciences, Quality Management Engineering; and Physical / Chemical/ Biological Sciences | Minimum eight (8) years working experience in Sanitary and Phytosanitary, Technical Barriers to Trade (SPS/TBT) and/or related fields |
| 7 | Agricultural Economist | P3 | Bachelor's degree in Agricultural Economics or Agribusiness Management | Minimum eight (8) years working experience in sustainable agricultural value chains development, food and nutrition security and agricultural market development in the public and private sector settings with national and regional level exposures. |
| 8 | Social and Cultural Officer | P2 | Bachelor's degree in Social Sciences, Gender, Business Administration, International Relations or related field | At least six (6) years of practical experience in a similar or related field such as youth programming, gender, human rights, and other related fields. Experience in policy development, research, advocacy, resource mobilization, creating partnerships, and working at a regional level |
| 9 | Trade Officer | P2 | Bachelor's degree in any of the following fields: Economics, International Trade, Trade Law, Business Administration, or any other relevant field | At least six (6) years of practical experience in the field of trade policy and regional economic integration in a Member State, regional or international organization levels. |

**Additional Information: -**

- Age of applicants: Below 55 years
- Salary: As per COMESA salary scale
- Working Language: Applicants must be fluent in English and/or French and/or Arabic (speaking and writing). A combination of any two (2) or all these languages will be an added advantage
- Applicants must present release paper from the Ministry of Defense or supporting letter from current employer
- Soft and hard copies of the documents and application form should be submitted to: Ministry of Trade and Industry, Department of Foreign Trade, Office No. 210, Asmara –Eritrea
- The COMESA Application Form can be accessed at the COMESA website:http://www.comesa.intwww.comesa.int
- Applications submitted directly to the COMESA Secretariat will not be considered and only short-listed candidates will be contacted
- Dead line for application: 15 days from the date of publication in the Newspaper
- For further information, please visit the COMESA website

ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

# Vacancy Announcement

Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD. (ESMC) is inviting applicants for the following position for Asmara project sites.

**Position**: Cost Control Engineer
**Place of Work**: Emba Derho Site
**Number Required**: 01
**Contract Type**: Indefinite

1) **Major Duties and Responsibilities**
2)
3)  **Manage and control on-site construction costs, and accept management of the commercial Manager.**
4)  **Investigate the construction site to understand the actual construction process, and participate in the regular meetings.**
5)  **Participate in the review of design changes, and ask relevant personnel to revoke or reapprove the design changes and approvals that are not standardized in content format, ambiguous in wording, and contrary to the principle of settlement of a contract to ensure the smooth settlement of design changes and approvals.**
6)
7)  **Calculate the cost increase or decrease caused by design changes according to the preliminary design, and submit it for approval according to the administrative authorizations.**
8)  **Prepare the annual and quarterly cost plan in time according to the annual and quarterly construction schedule plan provided by the Planner, check the next month's fund plan proposed by the Subcontractor and report it to HOD.**
9)  **Participate in the review of progress payment and apply to the Employer for interim payment, completion payment, etc.;**
10)  **Participate in the preparation and audit of pre-settlement.**
11)  **Fill in and report the design changes, approvals and other cost-related contents in the monthly cost report on time every month.**
12)  **Cooperate with the Construction Engineer to collect the claim basis of related projects.**
13)  **Collect and sort out the documents and data of construction cost management, and file the relevant materials according to the document control requirements of the Project.**
14)  **Prepare a summary of construction cost management of the Project.**
15)  **Responsible for the preparation of project bidding documents and the management of budget and budget estimates.**
16)  **Able to independently complete the engineering measurement, budget preparation, project settlement, cost control and other work of the project.**
17)  **Responsible for examine all the IPC document for subcontractors payment settlement, expense plan.**
18)  **Able to independently complete the preparation of project bidding documents, budget and budget management.**
19)  **Monitor project costs, revenue and other funding status and prepare cost reports.**
20)  **Responsible for supervising the cost operation of manpower, materials, machinery and equipment, etc.**
21)
22) **Qualification and Other Skills**
23)

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | ❖ Bachelor degree or above<br>❖ Major in cost control, mathematics, business administration, project management, or a related field. |
| Working Experience | ❖ Familiar with cost control and management under international projects, construction projects, or EPC Project.<br>❖ 3 years or more working experience in project cost or cost budget management in similar projects, and overseas work experience is preferred. |
| Leadership Experience | ❖ Be a team player. |
| Other skills and abilities | ❖ Be analytical.<br>❖ Time management skill.<br>❖ Be able to complete multiple tasks in a short amount of time, to prioritize work and stay on schedule.<br>❖ Have strong sense of responsibility.<br>❖ Language fluency in English is required.<br>❖ Be meticulous.<br>❖ Attention to details.<br>❖ Good communication skill. |

**General Information and Other Requirement**

- Place of Work: Asmara Project Sites (Emba Derho)
- Salary: As per Company salary scale

**Additional Requirement for Nationals:**

- Having fulfilled his/ her National Service Obligation and Provide evidence of Release Paper from Ministry of Defense.
- Present Clearance from current/ last employer or Unemployment card from Labor office.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credential, a copy of your National Identity card etc.)
- Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All application should be sent through the post office.
- Deadline for application; 05 days from the date of publication on the newspapers

**Address: Please mail your application to;**

Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD (ESMC)
P.O. Box. 4832 Asmara, Eritrea

**Required to send a copy of their application to the following address**

Mineral Resources Management, Department of Mines
P.O. Box. 272
Asmara, Eritrea

**Note to None Eritrean applicants:**

Please send a copy of your application to
Aliens Employment permits Affairs,
P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea

---

ኣነ ኣመልካቲ ኣብ ን/ዞ/ገጀረት ከበ. ሓለበት ጎደና 752-10 ቁ/ገዛ 16 ዚፕ ኮድ 1A 752 ፕሎት 29 ፓርሰል A ዝተደኮነ ብስመይን ብስም ሓወይ ጉብረታትዮስ ጉብረሚካኤል ተሰፋዝጊን ዝተመዝገበ ገዛ ኣለና። እዚ ገዛ ብዘምልከት ኣብ ቤ/ፍ/ዞ/ማእከል ብዕለት 5/3/24 ብቁ/መዝ/66/24 ምቅሊት ንብረት ዝገበርና ኮይንና፣ በዚ መሰረት ኣትና ሰድ ዋንነት ክንሕዝ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተኣይሩ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናብ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ካዳስተራልን ይቕረብ። እንተዘይቀረበ፣ ኦርጂናል ሰነዳተይ ሒዘይ ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ሓደጉ ጉብረሚካኤል

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ወዲ ሱዳን - ኤርትራዊ ቬሮን

ብዝያዳ ቡታ ወዲ ሱዳን እትብል ሳጓዩ ዝልሉ፡ ንቅዲ ኣጻዋውታኡ ብደቂቕ ዝተዓዘቡ ብርክት ዝበሉ ኣፍቀርቲ ኩዑሶ እግሪ ድማ ምስ ናይ ቅድም ኣከፋፋሊ ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲናን ኢጣልያዊት ክለብ ላዝዮን ሳባስቲያን ቬሮን'የም ዘመሳስልዎ። ዝያዳ ብልጫ ናደዚ ተጻዋታይ እቶም ነዋሕቲ መሓውሩ እዮም፡ ምሉእ 90 ደቓይቕ ጎይዩ ካብኡ'ዩም ምስ ምሉእ ትንፋስ ዝወጹ ወነሉዋት ተጻወትቲ ሓደ እዩ።

ነዋሕቲ ከዓሰሰ፡ ካብ የማን ናብ ጸጋማይ ሸነኽ ቁሪጻካ ኣብ ምሕላፍን ኣብ ማዕዶ ልዳት ኮይንካ ኣዝዮን ሓደገኛታት ከዓሳሱ ናብ ልዳት ኣንጻር መጋጥምትኻ ኣብ ምልኣኽን ፍሉይ ጥበብን ክእለትን ዝተዓደለ ኣከፋፋሊ እዩ፡ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ክለብ ተስፉን ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራን ዝነበረ ስመረ በየነ (ወዲ ሱዳን)።

ስመረ፡ ካብ ኣቦኡ ኣቶ በየነ ጋይም፡ ካብ ኣደኡ ወ/ሮ ሰንበቱ ሃብተማርያም ኣብ 1981 ኣብ ተረቕምኂ'ዩ ተወሊዱ። ፍልጠት ዝቐስመሉ ዕድመ ምስ ኣኸለ፡ ናይ መባእታ ደረጃ ትምህርቱ ኣብ ተራ እምኒ ኣሃዱ ኢሉ'ኳ እንተፈለመ፡ ወለዱ ኣብ ሱዳን ይቕመጡ ብምንባሮም ግን ናይ ቀዳማይ ደረጃ ትምህርቱ ምስ ዛዘመ ብቐጥታ ናብ ሱዳን'ዩ ኣምሪሑ። ንኽልተ ዓመታት ኣብ ሱዳን ድሕሪ ምጽናሕ፡ ዳግማይ ናብ ሃገሩ ተመሊሱ ናይ ራብዓይን ሓሙሻይን ደረጃ ትምህርቱ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣግኣዚያን ድሕሪ ምቕጻል፡ ናይ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ትምህርቱ ድማ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ማይ ተመናይን ደንደንን ዛዚሙ።

ስመረ በየኑ ካብ ሱዳን ናብ ሃገሩ ድሕሪ ክልተ ዓመት ኣብ ዝተመልሰሉ እዋን፡ ኑቲ ድሮ ኣብ ውሽጡ ክሀንብብ ጀሚሩ ዝነበረ ፍቕሪ ኩዑሶ እግሪ፡ ኣብ ከባቢ ኣቦኻውል ምስ ደቂ ገዛውቱ ኮይኑ ብጨርቂ ኩዕሶ እናተጻወተ ድሌቱን ሕልሙን ጋህዲ ክገብር ጀመረ። ካብዚ ቀጺሉ'ውን ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣግኣዚያን ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ናይ ኣብያተ ትምህርቲ ውድድራት ተመሪጹ፡ ዓቕሙ ከርኢ ዕድል ረኺቡ ኔሩ እዩ።

ኣብ ዓመት 1995 ንስመረ በየነ (ወዲ ሱዳን) መማህርቱ ዝነበረ ረዘ ተሰፎም ምስታ ኣብ ሃገረ ስካንዲኔቭያን ገይሻ ኣተባቢዒ ወጽኢት ሒዛ ናብ ሃገራ ዝተመልሰት ክለብ ኤፍ ሲ ኣስመራ ተሓቢሩ ይጻወት ብምንባሩ፡ ንወዲ ሱዳን ብፍሉይ ክጸልዎ ክኢሉ እዩ። በዚ ድማ ናብታ ጋንታ ክጽንበር እንተደኣ ኮይኑ ብውልቁ ሓያል ጻዕርን ልምምድን ከኪይድ ናይ ግድን ነበረ። ኮይኑ'ውን ድሕሪ ሓጺር ግዜ፡ እታ ብኣላይነት ኖርዌዳዊ ኣሰልጣኒ ቴሪ ቴድሶን እትእለ ዝነበረት ክለብ ኤፍ ሲ ኣስመራ ንበቐዓቱ ብደቂቕ ክትከታተሎ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ግዜ ከየባልዐት ናብ መሳርዓ ጸንበረቶ። ኣብ 1996፡ ክለብ ኤፍ ሲ ኣስመራ ሰማ ናብ ተሰፋ ብምቕያር፡ ብሓዱሽ ኣሰልጣኒ ኣቶ ግርማ ኣብርሃ ክትዕለም ጀመረት። ምስታ ጋንታ ብምኳን ልምምድ ጥራሕ ዘኪይዱ ዝበፅሑ ከም ስመረ በየኑ፡ ጀማል ኢብራሂም (ያከኒ)፡ ወዲ ባህልበ፡ ጨዓዩ፡ እስራኤልን ካልኦትን ተጻወትቲ፡ ኣብ ሳልሳይ ዲቪዥን ምስ እዛ ሓዳስ ክለቦም ተመዝጊቦም ውድድራቶም ጀመሩ።

ስመረ በየነ (ወዲ ሱዳን)፡ ጎደኒ-ጎደኒ ምስ ክለብ ተሰፋ ምጽዋት፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ደንደን'ውን ኣብ ትሕቲ መማህር ደምሳስ ተኽስተ ብምኳን ስምሩን ተዘኮርን ናይ ጸወታ ግዜ ከሕልፍ በቒዑ እዩ። ኣብ ዓመት 1998ን 2000ን ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ደንደን ኣከታቲላ ሻምፕዮን መላእ ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ክትከውን ከላ፡ ወዲ ሱዳን ሓደ ካብቶም ተጠመትቲን ልዑል ኣበርክቶን ዝነበሮም ተጻወትቲ እዩ ኔሩ። ብዘይካ'ዚ ወዲ ሱዳን ኣባል ሕርይቲ ጋንታ ዞባ ማእከል ኮይኑ፡ ኣብ ባረንቱ ኣብ ዝተኣንገደ ናይ ዞባታት ውድድር፡ ብሉጽ ብቕዓት ብምንጽብራቕ ንዞባ ማእከል ንብሉል ዞባታት ብምኳን ዘውዲ ክትደፍእ ካብ ዘበርከትዎ ተጻወትቲ ምንባሩ ይጥቀስ።



ኣብ 1996-1997 ዓመተ-ስፖርት፡ ክለብ ተሰፋ ናብ ካልኣይ ዲቪዥን ሰጊራ'ኳ እንተነበረት፡ ስመረ ግን ዝያዳ ብቕዓትን ተመክሮን ንምድላብ ምስ ካልኦት ሰለስተ ደቂ ጋንታኡ ዳግማይ ኣብ ሳልሳይ ዲቪዥን ክጸንሕ'ዩ መሪጹ። ድሕሪ ሓደ ዓመት ብሉጽ ብቕዓትን ተመክሮን ከጥሪ ዝኸኣለ ወዲ ሱዳን፡ ከም ትግሂቱ ምስ ክልተ ደቂ ጋንታኡ ናብ ካልኣይ ዲቪዥን ብምስጋር፡ ምስ ጋንታኡ ተሰፋ ኣዝዩ ብሉጽ ዝኾነ ናይ ጸወታ እዋን ከሕልፍ በቒዑ።

ኣብ 1998 ጋንታታት ተሰፉን ናይቲ እዋን ናይ መማህራን ጋንታ ዝነበረት ክለብ ብርሃንን ናብ ቀዳማይ ዲቪዥን ንምሕላፍ ኣብ ሓያል ህልኽ ተጸምዱ። እዚ ግጥም ንኽልቲኤን ክለባት ብማዕረ ወሳኒ'ኳ እንተነበረ፡ ንስመረ በየነ (ወዲ ሱዳን) ግን ዝያዳ ካልኦት ፍሉይነት ነይሩዎ። ንሱ ድማ፡ ኣንጻር እቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ደንደን መማህሩን ኣሰልጣኒኡን ዝነበረ መማህር ደምሳስ ተኽስተ ዝተራኸበሉ ኣጋጣሚ ብምዃኑ። ኣብቲ ወሳኒ ግጥም ክልተ ዕድል ማለት ማዕረን ዓወትን ሒዛ ናብ ሜዳ ዝኣተወት ክለብ ተሰፋ፡ 90 ደቒቕ ልዳታ ረጊጣ ብምውዓል ናይ ማዕረ ነጥቢ ብምርካብ ኑቲ ካብ ነዊሕ እዋን ትምኒት ዝነበረት ናብ ቀዳማይ ዲቪዥን ናይ ምስጋር ሕልማ ጋህዲ ገበረቶ። እቲ ዝተመዝገበ ወጽኢት፡ ንጋንታ ተሰፋ ዓቢ ሞራልን ፍናን ክኾና ከሎ፡ ብኣንጻሩ ንክለብ ብርሃን ግን ናብ ቀዳማይ ዲቪዥን ክትሰግር ብዘይምኽኣሉ ክሳብ ናብ ምፍራስ ገጻ ንኽተምርሕ ኣገዲድዋ።

እዚ ኣንጻር ክለብ ብርሃን ዝነበረት ግጥም ንስመረ መንጠሪ ባይታ'ያ ኮይናቶ። ምኽንያቱ ኣብዛ ግጥም ብዘርኣዮ ብሉጽ ብቕዓት፡ ብደረጃ ሃገር ኣብ ውድድራት ስካንዲኔቭያ ንምስታፍ ኣብ ዝግበር ዝነበረ መምረጺ ምስቶም ቀዳሞት ንኽምረጽ ስለ ዝሓገዞ። ወዲ ሱዳን ምስታ ናብ ሃገረ ስካንዲኔቭያ ዘምርሐት ናይ ትሕቲ 18 ዓመት ጋንታ ናቕፋ ተሓቚፉ፡ ናብ ሽወደን ብምጉዓዝ ንሃገራውያን ጋንታታት ጀርመን፡ ሽወደንን ኣሜሪካን ዝኣመሰለ ዓበይቲ ሃገራት ብምርታዕ ብሉጽ ወጽኢት ከመዝግብ ካብ ዝኸኣሉ ሓደ ነይሩ።

ስመረ ካብ ሽወደን ድሕሪ ምምላሱ፡ ምስ ክለቡ ተሰፋ ብምኳን ኣብ ግጥም ዋንጫ ናጽነት ኣንጻር ምድላው መንበ'ዩ ገጢሙ። ኣብዛ ግጥም ድማ፡ ብዘመዝገቦ እንቶን መዐወቲትን ፍጹም ቅላዕ ንጋንታኡ ተሰፋ፡ ኣብ ፋልማይ ናይ ቀዳማይ ዲቪዥን ተመክሮኣ ዓወት ከተመዝግብ ኣኽኢልዋ እዩ።

ኣብ 1999፡ ጋንታ ተሰፋ ኣብ ቀዳማይ ዲቪዥን ንሓደ ዓመት ድሕሪ ምጽዋታ ዳግማይ ናብ ካልኣይ ዲቪዥን ተመሊሳ'ኳ እንተነበረት ብጋንታ ሓበን እትጸዋዐ ዝነበረት ካልኣይቲ ጋንታ ተሰፋ፡ ካብ ካልኣይ ዲቪዥን ናብ ቀዳማይ ዲቪዥን ብምስጋራ ግን ካብ ክልቲኤን ጋንታታት ዝተዋጽኡ ብሉጻት ተጻወትቲ ኣብ ሓደ ተጠርኒፎም ብስም ክለብ ተሰፋ ኣብ ቀዳማይ ዲቪዥን ክጻወቱ ዕድል ረኸቡ።

ኣብ ኣህጉራዊ ውድድራት፡ ወዲ ሱዳን ኣብ 1999 ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ትሕቲ 20 ዓመት ኮይኑ ብምምራጽ፡ ኣብ ኬንያ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ሴካፋ ውድድራት ክጻወት ዕድል ረኺቡ'ዩ። ኣብ 2002'ውን ምስ ዓባይ ሃገራዊት ጋንታ ተጠርኒፉ፡ ንኣስታት ክልተ ኣዋርሕ ዝኣክል ልምምድ ክገብር'ኳ እንተጸንሐ፡ ድሒሩ ብምኽንያት ምንኣስ ዕድሚ፡ ካብታ ሃገራዊት ጋንታ ክተርፍ'ዩ ተገዲዱ። ብዘወሳኺ'ውን ኣብ 2003 ኣብታ ብጉዳይም ኣሰልጠንቲ ኣቶ ተኪኤ ኣብራሃን፡ ነጋሽ ተኽሊትን ትዕለም ዝነበረት ሃገራዊት ጋንታ ክምረጽ ዕድል ረኺቡ'ኳ እንተነበረ፡ ኣብቲ እዋን ተመሃራይ ብምንባሩ ብወለንታኡ ካብታ ሃገራዊት ጋንታ ተኣልዩ።



ዓመት 2005 ንስመረ በየነ እታ መባልዕቱ ዓመት'ያ ኔራ። እቲ ምንታይ፡ ኣብዛ ዓመት እዚኣ ክለብ ተሰፋ ካብ 12 ጋንታታት ናይ ዞባ ማእከል ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ ውድድራ ክትዛዝም ብምኽኣላ። ኣብቲ ግዜ ከም ተደራቢ ኣጥቃዓይ ኮይኑ ዝሰለፍ ዝነበረ ወዲ ሱዳን፡ ካብ ሸዱሽተ ክሳብ ሸውዓተ ዝኣኽሉ ሸቶታት ብምምዝጋብ ስሙ ብፍሉይ ክኸልዕ ዕድል ረኺቡ።

ስመረ፡ ምስ ኣባላት 19 ዙርያ ሃገራዊ ግቡኡ ክፍጽም ናብ ሳዋ'ዩ ኣምሪሑ። እንተኾነ፡ ናይ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን ሃገራዊ ግቡኡ ፈጺሙ፡ ናብ ኣስመራ ኣብ ዝተመለሰሉ እታ ኣብ ጸቡቕ ቁመና ገዲፍዋ ዝኸደ ክለቡ ናይ ምውራድ ሓደጋ ኣንጸላልያዋ ጸኒሓቶ።

ኣንጻር ዕዲጋ ሓሙስ ተሰሪዑላ ዝነበረ ግጥም ተዓዊታ ምስ ትወጽእ፡ እታ ጋንታ ኣብ ቀዳማይ ድቪዥን ህላወኣታ እተረጋግጸሉ ወሳኒ ግጥም ድማ ነበረ። ኣብቲ እዋን፡ ካብ ጸወታ ካብ ዝርሓቕ ነዊሕ ግዜ ገይሩ ዝነበረ፡ ወዲ ሱዳን ድማ ነታ ዘዕበየቶ ክለቡ ካብ ምምሓስ ከድሕና፡ ብዘይ ዝኾነ ልምምድ ናብቲ ግጥም ክኣቱ ብኣቦላት እታ ጋንታ ሕቶ ቀረበሉ። ወዲ ሱዳን፡ ነቲ ዝቐረበሉ ሃንደበታዊ ሕቶ ብዘይ ወዓል ሕደር'ዩ ተቐቢልዎ። በዚ ድማ፡ ኣብቲ ወሳኒ ግጥም ብኽልተ ናይ ስምዕታ ካርድ ካብ ሜዳ ክብረር'ኳ እንተኾነሉ፡ ጋንታኡ ናብ ካልኣይ ድቪዥን ካብ ምውራድ እተድሕና ተዘኮሪትን መዐወቲትን ሸቶ ግን ኣመዝጊቡ።

ብድሕሪ'ዚ ኣብ ዓመት 2007፡ ካብታ ዘዕበየቶ ክለብ ተሰፋ ተፋንዩ ናብ ጋንታ ኣዱሊስ'ዩ ኣምሪሑ። ኣብቲ እዋን ብዞባ ደረጃ ኣብ ባጽዕ ዝተኻየደ ናይ ቀዳማይ ዙርያ ውድድር፡ ንዞባ ማእከል ወኪላ ዝኸደት ጋንታ ኣዱሊስ ቀዳመይቲ ኮይና ውድድራ ብምዝዛም ዋንጫ ክትዓትር ከላ፡ በንጻሩ ኣብ ካልኣይ ዙርያ ናይ ፍጻመ ግጥም ግን ብዞባ ዓንሰብ ብፍጹም ቅላዕ ተረቲዓ ተሸላሚት ብሩር መዳልያ ክትከውን'ያ ክኢላ።

ወዲ ሱዳን ምስ ኣዱሊስ ንኽልተ ዓመታት ድሕሪ ምጽናሕ ናብታ ናይ ግዜ ንእስነቱ ክለብ ተሰፋ ዳግማይ ተመሊሱ ናይ ጸወታ ግዜኡ ቀጺሉ። ንዝኸሪ ጉዳይም ተጻዋታይ ክለብ ሓማሴን ዝነበረ ኣቶ ተሰፋይ ኩቺ ኣብ ዝተኻየደ ሓያል ውድድር ጋንታ ተሰፋ ንውድድራ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ ብምዝዛም ተሸላሚት ኑሓስ መዳልያ ክትከውን ከኣ ዓቢ እጃም ኣበርኪቱ'ዩ።

ኣብ 2014 ክለብ ተሰፋ ብማዛናኣ ጋንታ ኣርባዕተ ኣስመራ ድሕሪ ምስዓራ ናብ ካልኣይ ዲቪዥን'ያ ተመሊሳ፡፡ በቲ ዘጋጠመ ኩነታት ድማ ተጻወትታ በብሓደ ናብ ካልኦት ክለባት ክሰጋገሩ'ዮም ተገዲዶም።


ስመረ ድሕሪ ምፍራስ ተሰፋ፡ ብቐጥታ ምስ ጋንታ ስቴላ ንምጽዋት ናብ ዞባ ዓንሰባ'ዩ ኣምሪሑ። ምስ ጋንታ ስቴላ ንኣስታት ክልተ ኣዋርሕ ድሕሪ ምጽዋቱ ድማ ብኽልተኣዊ ስምምዕ ካብታ ጋንታ ተፋንዩ። ብድሕሪ'ዚ ወዲ ሱዳን ምስ ከም መድሃኔ ኣግዘደ ዝኣመሰሉ ጉዳይም ተጻወትቲ ሓቢሩ ምስ ጋንታ ኣኽርያ ኣብ ትሕቲ ኣላይነት ኣሰልጣኒ ጀማል ኢብራሂም (ያከኒ) ንሓደ ዓመት ዝኣክል ተጻዊቱ እዩ።






ወዲ ሱዳን ኣብ ዓመት 2017 ካብ ትጸቢት ብዙሓት ወጻኢ ካብቲ ንነዊሕ እዋን ዝተጻወተሉን ዘፍቅሮን ዓውዲ ኩዕሶ እግሪ ሃንደበት ጫማኡ ብምስቃል ንሓዋሩ ተፋንዩ። ስመረ በየነ ኑቲ ካብ ግዜ ንእስነቱ ኣትሒዙ ዝነበረ ፍቕሪ ስፖርት ኣይተጋደፎን። በዚ ድማ ካብቲ ዘፍቅሮ ሞያ ኩዑሶ እግርን ክርሕቕ ኣይመረጸን፡ ተጻዋታይ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ዓላማኡ ዝነበረ ቴሪ ቴድሶን ዘሰከሞ ሕድሪ ንምትግባር ድማ ኣብዚ እዋን ኣብ ምስልጣን ግራስ ሩትን ደውንሰድሮምን ተጸሚዱ ንዕቤት ስፖርት ሃገርና ኣበርክቶ ይገብር ኣሎ።

ኣሚር ዒሊ



# ዳህሳስን ምርምርን

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ልዑል ሽኮራዊ ትሕዝቶ ዘለዎም መግብታት ስሓብነት ገጽ የጉድሉ


ኣብ ፈረንሳ ኣብ ዝተኻየደ ሓድሽ መጽናዕቲ፡ ልዑል ሽኮራዊ ትሕዝቶ ዘለዎም መግብታት፡ ዕድመ ኮነ ክብደት ኣካላት ከይተጸልወ፡ ንስሓብነት ናይ'ቲ ቀንዲ ማሕበራዊ መዋስኢ ዝኾነ ጸባቐ ገጽና ከም ዘጉድሉ ተሓቢሩ።

እዚ ኣብ ክልተኡ ጾታ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ብዙሕ ኣብ ምዕራባውያን ሃገራት ዝዘውተር ዓይነት ኣመጋግባ ማለት እኹል ማዕድናት ዘይብሉ፡ ሰብ ሰርሖም መማቐርቲ፡ ሽኮር፡ ጨውን ፈኖን ዝበዝሖ ዓይነት ኣመጋግባ፡ ኣብ ዝሓጸረ ኮነ ዝተናወሐ እዋን ንባህርያዊ ስሓብነት ገጽ ከም ዘጉድሉ እዩ ብኣኻየድቲ ናይ'ቲ መጽናዕቲ ዝሕበር ዘሎ። ኣቓዲሙ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕትታት ከም ዝመልከቶ፡ ትሕዝቶ ካርቦሃይድረይት ዘለዎ ሽኮር ዝበዝሖ ዓይነት መግብታት ብተደጋጋሚ ምምጋብ ንክረሻ፡ ካልኣይ ዓይነት ሽኮርን ሕማም ልብን ከም ዘቃልዕ ይግለጽ።

ኣብ'ዚ መጽናዕቲ ከኣ፡ ዝዓም ትሕዝቶ ካርቦሃይድረይት ዘለዎም ሽኮር ዝበዝሖም መግብታት ብተኻታታሊ ምዝውታር፡ ዕድመ፡ ቅዲ መነባብሮ፡ ክብደት ኣካላትን ወልፍታትን ብዘየገድስ፡ ንስሓብነት ተፈጥሮኣዊ መልክዕ ከጉድልዎ ከለዉ፡ ማዕድናዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ዘይተመስርሖ መግብታት ከኣ ብዘይካ ንኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥዕና ዝህብዎ ጥቕሚ፡ ንስሓብነት ገጽና እውን ከም ዘዕብይዎ ክፍለጥ ተኻኢሉ።



## ስነ-ፍልጠተኛታት፡ ብርሃን ዝተፍኡ ኣታኽልቲ ኣማዕቢሎም



ኣብ ኣመሪካ ዝርከቡ ስነ-ፍልጠተኛታት፡ ኣታኽልቲ ምስ ጂን ብርሃን ናይ ዝተፍእ ቃንጥሻ ብምትሕውዋስ፡ ክብቕሉን ኣብ ጸልማት ብርሃን ክተፍኡን ዝኽእሉ ኣታኽልቲ ከም ዘማዕበሉ ሓቢሮም።

ክሳብ ሕጂ ከባቢ 1,500 ዝኾኑ ኣብ ግዜ ጸልማት ብርሃን ዝተፍኡ ፍጡራት ማለት ከም ባክተርያ፡ ዓሳ፡ መለግለጋይ ዓሳ፡ ሓሰኻ፡ ምድረ-ማያውያን፡ ሓሸራታትን ቃንጥሻን ከም ዘለዉ ይግለጽ። እዚ ብምህንድስናዊ መስርሕ ተኻይዱ ዘሎ ካብ ኣታኽልቲ ብርሃን ናይ ምምንጫው መስርሕ፡ ኣብ 1986 ዝጀመረ ኮይኑ፡ ናይ ሓወልይቶ ጂን ምስ ተኽሊ ብምትሕንፋጽ እዩ ተኻይዱ። ክሳብ ሕጂ ከኣ በብዮመታቱ ካብ ተኽሊ ብርሃን ንምምንጫው ፈተነታት ክካየድ እኳ እንተጸንሐ፡ ብዘጋጥሞ ዝነበረ ብዮገቡእ ናይ ዘይምትሕንፋጽ ማሕለኻታት ብሰፊሕ ደረጃ ክካየድ ከም ዘይተኻእለ ይሕበር።

ኣብ'ዚ ናይ ሕጂ ፈተነ ዝወዓለ ጂን ቃንጥሻ ከኣ ከም ቀንዲ መራኸቢ ነጥቢ ናይ ተኽሊ መስርሕ ሜታቦሊዝምን ምፍራይ ብርሃንን ኮይኑ ብምዕያይ፡ ነቲ ብርሃን ናይ ምትፋእ መስርሕ ከም ዘሰላስሎ እዩ በየም ስነ-ፍልጠተኛታት ዝግለጽ። እዚ ካብ ተኽሊ ብርሃን ናይ ምትፋእ ፈተነ ዕዉት ኮይኑ ብምርካቡ ድማ ድሮ ንመዓላ መሸጣ ዝኾኑ ኣታኽልቲ ኣብ ዕዳጋታት ወሪዶም ጸቡቕ ተጠሊቦም ከም ዝረኸቡ እዩ ብኣፍረይቱ ዝነገር። ንሳቶም፡ ዝ ሕጂ ግሁድ ኮይኑ ዘሎ ካብ ኣታኽልቲ ብርሃን ናይ ምምንጫው መስርሕ፡ ብዮሰርተታት ዕጽፊ ኣዕቢኻ ብዝተፈላለዩ ሕብርታትን ዓይነታትን ምቕራብ፡ ንገዛውትን ጀራዲንን ድባብዘ ዝበለ እኹል ብርሃን ንምሃብ ቀጻሊ ምርምራት ይካየደሉ ምህላው ኣብ መወዳእታ ሓቢሮም።

## “ኣብ ዓመት ልዕሊ 1 ሚልዮን ሰባት ብብከላ ኣየር ይሞቱ” ተመራመርቲ



ብተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ሞናሽ - ኣውስትራልያ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ብደረጃ ዓለም ዓመታዊ ልዕሊ 1 ሚልዮን ሰባት፡ ብሰንኪ ንሓደ ካብ ጭኢታታት ብከላ ኣየር ዝኾነ PM2.5 ብልዑል ዓቐን ንሓጺር እዋን ምቕላዖም ከም ዝሞቱ ተሓቢሩ።

PM2.5 ሓደ ካብ ዝተዳቐቑ ብዓይኒ ክርኣዩ ዘይክእሉ ጭኢታታት ብከላ ኣየር ኮይኑ፡ ብዘለዎ ንኡስ ዓቐን ናብ ሰናብእን ሰራውር ደምን ብምእታው ዝተፈላለዩ ጸገማት ጥዕና ከስዕብ ይኽእል። እዚ መጽናዕቲ ብደረጃ ዓለም ንከባቢ 20 ዓመት ዝተኻየደ ኮይኑ 13 ሽሕ ከተማታት ዘጠቓለለ እዩ ነይሩ። ኣብ ሓጺር እዋን ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ከም ባርዕ ጫካ፡ ጻዕቂ ተሽከርከርቲ፡ ደሮናን ካልእ ልዑል ብከላ ኣየር ዘኸትሉ ምኽንያታትን ዝስዕብ ምልዓል ጭኢታ PM2.5፡ ኣብ ሂወት ሰብ ዘውርዶ ሓደጋ ንምልላይ ዓሊሙ ከኣ እዩ ተኻይዱ።

ኣብ'ቲ ዝተረኽበ ወጽኢት፡ ብምልዓል ጭኢታ PM2.5 ኣብ ደቡባዊ ኣስያን ምዕራብ ኣፍሪቃን ልዑል መጠን ሞት ከም ዝተዉብ ከሎ፡ ብፍላይ ኣብ ምብራቓዊ ኣስያ ብሰንኪ ልዑል ብከላ ኣየር ካብ ካልእ ክፋል ዓለም ብ50 ሚእታዊት ዝዛይድ መጠን ሞት ዘጋጥመሉ ዞባ ምዃኑ ተለልዩ። ንሓጺር እዋን ንልዑል መጠን ብከላ ኣየር ብምቕላዕ ዝስዕብ ዘሎ ልዑል መጠን ሞት ንምግታእ፡ ኣብ ጻዕቂ ተሽከርከርቲ ዘለወን ከተማታት ንሓደገኛነት ህሉው ብከላ ኣየር ዘጠንቕቕን ካብ'ቲ ቦታ ንምግላስ ዘኽእልን ስርዓት ምትእትታው ኣድላዪ ምዃኑ እቶም ተመራመርቲ ኣብ መወዳእታ ኣመልኪቶም።

## እኹል ዓቐን ፕሮቲን - መንቃዕቲ ምሕኮልቲ የጉድል

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ሊደስ - ብሪጣንያ፡ እኹል ዓቐን ፕሮቲን ክህቡና ዝኽእሉ መግብታት ምዝውታርን ዕለታዊ ሻሂ ወይ ቡን ምስታይን፡ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ንዝርአ መንቃዕቲ ምሕኮልቲ ብመጠኑ ከም ዘጉድሉ ሓቢሮም።

እቲ መጽናዕቲ ኣብ ብርክት ዝበሉ ደቂ-ኣንስትዮ ዝተኻየደ ኮይኑ፡ መዓልታዊ ኣብ ኣመጋግባኦን እኹል ዓቐን ፕሮቲን ዝወስዳ ካብ'ተን ትሑት ዓቐን ፕሮቲን ዘዘውትራ ደቂ-ኣንስትዮ፡ መንቃዕቲ ምሕኮልቲ ከጋጥመን ዘሎ ተኽእሎ ብመጠኑ ዝጸበበ ምዃኑ እቶም ተመራመርቲ ገሊጾም። ንሳቶም ኣስዒቦም፡ ካፍሲ-ወከፍ ተወሳኺ ኩባያ ሻሂ ወይ ቡን ከኣ መንቃዕቲ ምሕኮልቲ ከጋጥም ዘሎ ተኽእሎ ብ4 ሚእታዊት ከጉድል ከም ዝዘተዓዘቡ ጠቒሶም። እቲ ምኽንያት ዋላ'ኳ ብንጹር ክለልዮዎ እንተዘይከኣሉ፡ እቶም ኣብ ሻሂን ቡንን ዝርከቡ ፖሊፊኖልን ፓይቶኤስትሮጅንን ዝበሃሉ ኣዕጽምቲ ንኸይሳቐዕ ዝከላኸሉ ጭኢታታት፡ ካብ መንቃዕቲ ምሕኮልቲ ክከላኸሉ ተኽእሎ ከምዘሎ ገሊጾም።

እንሆ መዓስ፡ ተረር ኣዕጽምትን ጭዋዳታትን ብምህናጽ ምሉእ ጥዕና ክህልወና ዘኽእል ቀንዲ ረቛሒ እዩ። ፕሮቲን ከኣ ሓደ ካብ ቀንዲ መሰረታውያን ኣዕኑድ ህይወት ኮይኑ፡ ንዋህዮታት፡ ቲሹታትን ጭዋዳታትን ብዮገቡእ ንኽሰርሑን ጥዑይ ኣዕጽምቲ ንምህናጽን ሓጋዚ ከም ዝኾነ ይግለጽ።



ፕሮቲን ካብ ዝተፈላለዩ መግብታት ማለት ካብ ከም ስጋ፡ ወጽኢት ጸባ፡ እንቋቑሖ፡ ባልደንጓ፡ ካዕካዕ፡ ጥረ-ምረን ኣእካልን ይርከብ።

ብደረጃ ዓለም ክርአ ከሎ፡ ብሰንኪ መንቃዕቲ ምሕኮልቲ፡ ዓመታዊ ብበልዮናት ዶላራት ዝቖጸር ብዘሎ ገንዘብ ከም ዝባኽን ጸብጻባት ይሕብሩ። ብዘይካ'ዚ፡ መንቃዕቲ ምሕኮልቲ ኣብ ልዕሊ ግዳይ ናይ ምንቅስቓስ ጸገምን ሕዱር ሕማማትን ዘስዕብ ኮይኑ፡ ሞት እውን ከም ዘቐላጥፍ ይሕበር።

ኣብ መወዳእታ፡ ረቡሓ እኹል ዓቐን ፕሮቲን ኣብ ምውሓድ መንቃዕቲ ምሕኮልቲ፡ ኣብ'ተን ትሑት ክብደት ዘለወን ደቂ-ኣንስትዮ ጎሊሑ ከም ዝተራእየ ብምጥቃስ፡ ኩሉ ግዜ እኹል ዓቐን እምበር ልዕሊ ዓቐን ፕሮቲን ምውሳድ ንባዕሉ ንጥዕና ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ምዃኑ፡ እቶም ተመራመርቲ ወሲኾም ኣዘኻኺሮም።

## “ልዕሊ ሓደ ቢልዮን ህዝቢ ብኽረሻ ተጠቒዑ ኣሎ” መጽናዕቲ

ኣብ ጀኔቫ - ስዊዘርላንድ ኣብ ዝተኻየደ ሓዲሽ መጽናዕቲ፡ ብደረጃ ዓለም ልዕሊ 1 ቢልዮን ህዝቢ፡ ብኽረሻ ተጠቒዑ ከም ዝርከብ ተሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰላሳ ዓመት፡ ቁጽሪ ከረሻት ሰባት ብዕጽፊ እናዛየደ እዩ መጺኡ። ኣብ መንጎ ትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ቈልዑ ከኣ እዚ ቁጽሪ ብኣርባዕተ ዕጽፊ ክብ ከም ዝበለ ኣብ'ዚ ናይ ሕጂ መጽናዕቲ ተሓቢሩ። እዚ ከኣ ካብ ሸሞንተ ሰባት ሓደ በዚ ልዕሊ ንቡር ክብደት ተጠቒዑ ይርከብ ኣሎ ማለት እዩ።

እዚ መጽናዕቲ 220 ሚልዮን ዓበይትን ንኣሽቱን ሰባት ዘሳተፈ ንከባቢ 30 ዓመታት ዝተኻየደ ኮይኑ፡ 190 ሃገራት ዘጠቓለለ እዩ ነይሩ። ኣብ'ዘን መጽናዕቲ ዝተኻየደለን 30 ዓመታት፡ ኣብ ትሕቲ ዕድመን መንእሰያትን ዝኾኑ ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን ዝተራእየ ክረሻ ብኣርባዕተ ዕጽፊ ከም ዝወሰኸ ተፈሊጡ። ብተወሳኺ፡ መጠን ክረሻ ኣብ ማእከላይ ዕድመ ዝርከቡ ደቂ-ተባዕትዮ ብሰለስተ ዕጽፊ ክዛይድ ከሎ፡ ክሰዐ ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ዝርከባ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ብዕጽፊ ከም ዝዛየደ ኣብ'ዚ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ተገሊጹ ኣሎ።

እዚ ኣርእስቲ ኣመልኪቱ ኣብ ዝወጸ ካልእ ጸብጻብ ከኣ፡ ቅድሚ ሰላሳ ዓመታት ክረሻ ብደረጃ ዓለም ኣብ'ቶም ኣብ ማእከላይ ዕድመ ዝርከቡ ሰባት ብዚያዳ ክርአ ከሎ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ግን ኣብ ደረጃ ዕድመ ትምህርቲ ዝርከቡ ትሕቲ ዕድመ ቈልዑ ጎሊሑ ምህላዉ ተገሊጹ።

ኣብ 2022 ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ ማእከላይ ዕድመ ካብ ዝርከቡ ሰባት፡ እቶም 43 ሚእታዊት ከረሻት ምዃኖም ተለልዮም ነይሮም።

ክረሻ፡ ምንጪ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ከም ሕማም ልቢ፡ ሕማም ሽኮርን ሕማም መንሽሮን ምዃኑ ይግለጽ። ኣኻየድቲ ናይ'ቲ መጽናዕቲ፡ ቀንዲ



ምኽንያት ናይ'ዚ ከም ተላዒዒ ሕማም እናስፋሕፍሐ ዝኸይድ ዘሎ ክረሻ፡ ቴክኖሎጂያዊ ምዕባለ፡ ምስፍሕፋሕ ኮፍ ዝዕብለሎም ንጥፈታት፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘይምዝውታር፡ ዝተመስርሑ መግብታትን መስተታትን ብዙሕ ምውሳድ ምዃኖም ገሊጾም።

ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ ኣኽርያ
ፋርማሲ ጃልያ
ቤት መሸጣ መድሃኒት ብርሃን

ዕለት
17/03/2024
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ

ጎደና
ጎደና ሸርሒት-135ቁጽሪ ኣኽርያ
ጎደና ሰሜናዊ ቁ.84ሬት ቤት ትምህርቲ ጃልያ
ጎደና ሓርነት ቁ.121ቁጽሪ ሰንጋ ኣምፔሮ
ቁ.ቴሌፎን 127565

ቁ.ስልኪ
08370238
110680
120253

Sabur Printing Services